# ኣንታ ንመን ከሕሾ

ከብድኻ መሊኡ ዝባንካ እንተዘይቆረረ
ጥማራት ደሊብካ ጁባኻ እንተሃጠረ
ልብኻ" ዶ ወዲቑልካ ወትሩ ሹቕረራ
ሓለትካ ስግኣት ሸለብ-ገለብ ናብራ

ሞሶብ ኣዴኻ እንድዩ ጥዑም ቁራስ እንጀራ ምስ ቅሳነት
ሃገርካ ዩ ሃገርካ ዓድኻ" ዩ ክብረት
ኤሩ ከላትካ እታ ለዋህ መሬት
ሑሉፍካ እባ ዘክር ሓራም ብኡነት

ምኻንካ ፈሊጦም ዘይትነጽፍ ጸጋኣ
ኣብ ዝሃለኻ ሃሊኻ ትምሕል ብኣኣ
ላሕኩታቶም ዘርጊ እቶም ንፉስ ቀልቀል
ዘርኢ ኣናብስ እንዲኻ ሓድጊ ነኸስቲ ኣብ መትከል

ንዝርገት ሓድነትካ "ስመር" ኣጠሚቖም
ኣብ እግሪ ኣባይካ ሰጊዶም ከድዓት ሪዕሞም
ጽያፎም ዘይከተቱ ብቅልውላው መንነት ዝተላዕጠጡ
"ኤርትራዊ እየ "በሎም ንትካቦ ዘንቀላውጡ

እወ፡ንመን ከሕሾ !
ወዲ ዛ ሰንደቕ ደም ኣያታትካ ዘጠጥዓ
ወዲዛ ሕፍርቲ ኣኽሊል ሰማእታትካ ምባኣ
ንስኻ እንዲኻ ወራሲኣ ፡ደጎላ ኩን ጽኑዕ ዋልታኣ

ሃገርካ እንድያ እዛ ሃገር ኤርትራዊ ምኻንካ ይፍለጡ
ህርፋን ጸባኦም ጋጉድ ማይ ይጨልጡ
ኣብ ሓድነትካ ጽናዕ ሕጂ ውን ከም ወትሩ
ኣጆኻ!ጎበዛይ ኣሰኑ! መርከብ ጀጋኑኻ ማዕሙቕ ዩ ኣንከሩ

እዋን መኸተን ብድሆን ልምዓትን ዩ እዋኑ
ኣለናልኩም በሎም ሰማእታትካ ከቕስኑ
ንመን ከሕሾ ዳኣ ብዋጋኻ ንዝሻመዉ
ኣብ ኤርትራውነትካ ንኸሰ ሓሕ በሎም ነቶም ዝጃጀዉ

ተጋዳላይ ኣሸናፊ ኣብራሃም( ኣሼ)
18.12.2016
ከተማ ፍራንክፈርት ሃ/ጀርመን